ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.42 ሰንበት 19 ጥቅምቲ 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ሌላ ምስንኡስ ዞባ ሃበር



ገጽ 4
ውሑስ ምሕደራ ሰንሰለታዊ . . .



ገጽ 5
እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት !



ገጽ 7
ዓወት ንሓፋሽ ! ከም ዕላማን...



# ኤርትራውያን ነበርቲ ደቡብ ሱዳን ውዳበታቶም ዘሐይል ኣኼባ ኣካይዶም

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ደቡብ ሱዳን ኣቶ ሮሞዳን ኣሕመዲን ብ12 ጥቅምቲ ኣብ ጁባ ኣብ ምሕያል ሃገራውያን ውዳበታት ዘተኮረ ኣኼባ ኣካይዶም።

እቲ ምስ ኣባላት ባይቶ ማሕበረኮም፡ ባይቶ ሃማደኤ፡ ኣካየድቲ ውዳበ መንእሰያት ህግደፍን ኣባላት ህግደፍን ዝተኻየደ ርክብ፡ ኣብ ማሰረታዊ ስትራተጂያዊ ዕላማታት 4ይ ግንባርን ሃገራዊ ውዳበታት ንምሕያል ክወሰዱ ኣብ ዘለዎም ተበግሶታትን ዘድሃበ ነይሩ።

ኣቶ ሮሞዳን ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ዕላማታት 4ይ ግንባር - ሓያል ሃገራዊ መንነትን ንቕሓትን ዘውንን፣ ሓድነቱ ዝዕቅበን ምስ ሃገሩ ድልዱል ምትእስሳር ዘለዎን፣ ኣብ ህንጸትን ምዕባለ ልኡላውነትን ሃገሩ ዕዙዝ ተራ ዝጻወት፣ ብትምህርቲ፡ ሞያ፡ ቁጠባዊ ዓቕሚን ማሕበራዊ ሂወትን ዝልዓለ ጸላዊ ኤርትራዊ ዜጋ ክውን ንምግባር ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ ወጻኢ ዝነብር ዜጋ፡ መደባት ህንጸት ሃገር ንምዕዋት ወሳኒ ተራ ክጻወተሉ ብምጥቃስ፡ ነዚ ንምግባር - ምሕያል ውዳበታት ኣገዳሲ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ቈንስል ኤርትራ ኣብ ረፐብሊክ ደቡብ ሱዳን ኣቶ ጸጋይ መሓሪን ሓላፊ ሃገራዊ ሸማግለ ኣቶ ማርቆስ መርሃጼንን ብወገኖም፡ ኣብ ምሕያል ሃገራዊ ውዳበታት ዘተኮረ ሃናጺ ሓሳባትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ሃናጺ ሓሳባትን ርእይቶታትን ብምቕራብ፡ ካብኦም ዝሕተት ከማልኡ ቅሩባት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።



# ድባርዋ፡ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓት ዘተኰረ ሰሚናር ተኻዪዱ



ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ፍረወንጌል ተኽለሃይማኖት፡ ካብ 9 ክሳብ 14 ጥቅምቲ፡ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓት ዘተኰረ ሰሚናር፡ ንህዝብን ተመሃሮን ኣካይዶም።

እቲ ንበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ መረብ፡ ተራእምኒ፡ ሽከቲ፡ ዛውል፡ ዓዲ-ፈለስቲ፡ ዞባን ሰገ፡ ገርጠጠ፡ ዓዲ-ክበሎ፡ ዓዲ-ብሮ፡ ዓዲ በዙሓን ደቂጹዳማን ከምኡ'ውን ንተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ድባርዋ ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ኣብ ተራ ኮም ኣብ ትግባረ ልምዓታዊ መደባት፡ ኣገዳስነት ምዕቃብ ክብርታትን ካልእ መዳያትን ዘተኰረ ነይሩ።

ኣቶ ፍረወንጌል፡ ናጽነን ልኡላዊነትን ኤርትራ ፍረ ቃልሰን መስዋእትን ተቶኻኺኦቲ ወለዶታት ምዃና ብምጥቃስ፡ ሓበራዊ ኣረኣእያ ዘውንን ሃገራዊ መንእሰይ፡ ውሕስነት ብሩህ መጻኢ ከምዝኾነ ገሊጹ።

# ሻምብቆ - ወራር ዕስለ ሳገምቲ ኣዕዋፍ ንምክልኻል ወፈራ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ፡ ኣብ ናይ ሕርሻ ቦታታት ዝተኸስተ ወራር ዕስለ ሳገምቲ ኣዕዋፍ ንምክልኻል፡ ህዝቢ፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ተመሃሮን ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊትን ዝተሳተፍዎ ስፊሕ ወፈራ ተኻዪዱ።

ቡቲ ዝተወሰደ ስጉምቲ፡ ኣብ ልዕሊ 100 ሄክታር ዓስለን ዝበራ ብኩላኩላ ዝፍለጣ ሳገምቲ ኣዕዋፍ፡ ኣብ ዘራእቲ ዝጥቀስ ጉድኣት ከየውረዳ ከምእተወገዳ ተሓቢሩ።

ተጸዋዒ ምክልኻል ብቑልን ሳገምቲ ባልዓትን ኣቶ ዕቑቡ ተኽላይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እተን ብዕስለ ዝንቀሳቐሳ ሳገምቲ ኣዕዋፍ፡ ኣብ ወሰኑ ከባቢ ሰፊረን ብዘበዘሐ ክፋረያን ኣብ ዘራእቲ ጉድኣት ከውርዳን ዝኽእላ ሓደገኛታት ባልዓት ምዃነን ብምግላጽ፡ ዝሰፈራሉ ቦታ ብምብታን ከምዝይፋረያን ኣብ ወሰኑ ከባቢ ንዊሕ ግዜ ከምዝይሰፍራን ምግባር፡ ቀዳማይ ክውሰድ ዘለዎ ስጉምቲ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።



ኣቶ ዕቑቡ ኣስዒቡ፡ እዋኑ ዝተፈላለዩ ሳገምቲ ባልዓትን ጺያቕ ማዕጺድን ዝኸስተሉ ብምዃኑ፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ሓረስቶት ድማ ብፍላይ ዕቱብ ሓለዋን ምክትታልን ብምግባር፡ ተርእዮ ባልዓት ኣብ ዝኸሰተሉ ንዝምልከቶ ኣካል ቅልጡፍ ሓበሬታ ክህቡን ኣብ ዝወሰድ ስጉምቲ ክዋስኡን ኣተሓሳሰበ።

ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ወፈራ ብወገኖም፡ ነተን ሳገምቲ ኣዕዋፍ ንምክልኻል ዕዉት ስራሕ ከምእተሰላሰለ ብምጥቃስ፡ ምህርቲ ኣብ ቆፎኦ ክሳብ ዝኣቱ ዝከኣሎም ከምዝገብሩ ኣረጋጊጾም።

# እምኒ ሓይሊ - ጽጉማት ወገናት ኣለሊኻ ንምሕጋዝ ተዘትዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ጽጉማት ወገናት ኣለሊኻ ኣድላዪ ደገፍ ብምግባር ኣብርኦም ንክኸኣሉ ንዝቐርብ ዘሎ ንጥፈታት ዝገምገመ ርክብ፡ ብ15 ጥቅምቲ ምስ ወከልቲ ተሃድሶ ዓድን ኣመሓደርቲ ከባቢን ተኻዪዱ።

ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ወ/ሮ ትርሓስ ሰለሙን ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ስድራ-ስውኣት፡ ስንኩላን፡ ኣረጋውያንን ካልኦት ጽጉማት ወገናትን ቡዝከበሎም ብመንገዲ ወከልቲ ተሃድሶ ዓድን ኣመሓደርቲ ከባቢን ተለልዮም ክቐርቡ፣ ተቐማጦ ኩሎን ዓድታት ድማ ቡዝዓቕሞም ክተሓጋገዙ ኣዘኻኺራ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ንጽጉማት ወገናትን ንስድራ ስውኣትን ዓቕሞም ዘፍቅዶ ሓገዝ ከምዝገብሩ ብምርግጋጽ፡ ናይ ምጥያሶም መደብ ብሰፊሑ ክድፋኣሉ ጸዊዖም።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ዞባ ደቡብ ክኢላ ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ ክብሮም ኢሳቕ ድማ፡ ወከልቲ ተሃድሶ ዓዲ ብመሰረት ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ዝተዋህቦም ስልጠና ወጽኢታዊ ስራሕ ክዮሙ፣ ብደረጃ ዓዲ ንጽጉማት ወገናት ንምሕጋዝ ድማ ምስ ኣመሓደርቲ ከባቢ ተወሃሂዶም ክሰርሑ ተላቢዩ።

ግዝያዊት ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ወ/ሮ ትርሓስ ፍቓዱ ኣብ ዝሃበቶ መዛዘሚ ቃል፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዝለዉ ጽጉማት ወገናት ኣለልዮም ብምዝርዛብ ክሕዝዎም፣ ከምኡ'ውን ብሽነኪ ሕጽረት ኣፍልጦ ኣብ ግዝ ዝፀጾን ብዋዕኡ ዘይታሓዝን ሰንኩል ንኸይህሉ ጉስጓስ ክገብሩ ተማሕጺና።

ዜና

# ማእከል - ኣብ ኣገዳስነት ምቁር ድንሽ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ምስ ክፍሊ ቱሪዝም ብምውህሃድ ዘወደቦ፡ ኣብ ኣገዳስነት ምቁር ድንሽ ዘተኰረ ሰሚናር፡ ብ16 ጥቅምቲ ንወሃብቲ ኣገልግሎትን ሓረስቶትን ተዋሂቡ።

እቲ ሰሚናር፡ ሌላ ምስ ምቁር ድንሽ፡ ትሕዝቶን ጥቕምታትን፡ ምድላው መግቢ፡ ኣገባብ ምፍራይ፡ ምሕደራን ክዝኽንን፡ ብልጫታትን ኣገዳስነት ምቁር ድንሽን ዝብል ኣርእስትታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ኣብርሃም ኣርኣያ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብመሰረት ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጂካዊ ውጥኑ፡ ልምዓት ምቁር ድንሽ ናብ ኩለን ዞባታት ክዝርግሖ'ኳ እንተጸንሐ ከም'ቲ ዝድለ ስለዘይሰገሞ፡ ንምስፍሑን እቶታውነቱ ንምዕባይን ብዝለዓለ ደረጃ ይሰርሐ ከምዝሎ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ሰሚናር ኣብ ኣገዳስነት ምቁር ድንሽ ንዘጋጥሞም ፍልጠት ዘበርኽ ኮይኑ ከምዝረኸብዎ ብምጥቃስ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ክብ ብምባል ናብ ኩሉ ንኽበጽሕ ብቐጻሊ ክውደብ ተላብዮም።

ኣብ ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ማእከል



ስእሊ ዙቤር ሰዒድ



ሓላፊ ጨንፈር ፍቓድ ስራሕን ምቁጽጻር ትካላትን ኣቶ ተኸለ ገብረልኣል ድማ፡ ምቁር ድንሽ ንጥዕና ወዲ-ሰብ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ምስ ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ብምትሕብባር ንወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ስልጠናታት ንምሃብ መደብ ከምዝሎ ኣብሪሁ።

# ሕርሻዊ ልምዓት ተሰነይ - ዓሊግድር፡ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ በጺሑ

ኣብ ትሕቲ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ኤርትራ ዝመሓደር፡ ካብ ሩባ ጋሽ ብዝተኣልየ ውሕጅ ዝለምዕ ሕርሻዊ ልምዓት ተሰነይ - ዓሊግድር፡ ምስ ዝበረ ህጡር ክረምት ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ተሓቢሩ።

ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ሕርሻ ኣቶ ዳዊት ኣብርሃ፡ ሎሚ ዘበን ብሓፈሻ 1,670 ሄክታር መሽላ፡ ሰፍ፡ ሰምሰምን ዕፉን ለሚዑ ከምዝሎ፣ ካብ'ዚ እቲ 1440 ሄክታር ብውልቅን ማሕበራትን ብመሳል ተጠቃምነት፣ 230 ሄክታር ድማ ብኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ከምዝለምዐ ብምጥቃስ፡ መሽላ ኣብ ምሽዋት፣ ሰምሰምን ሰፍን ከኣ ኣብ ምእካብ በጺሑ ከምዝሎ ገሊጹ።



ሓረስቶት ብርትዓዊ ዋጋ ዝረኸብዎ ቀረብ ትራክተራትን ውሕስነት ማይን፡ ርቡሕ እቶት ክሓፍሱ ትጸቢት ከምዘሎ'ውን ኣፍሊጡ።

ኣብ 40 ሄክታር ዝተፈተነ ሰፍ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝበጽሐ ዝሓበረ ኣቶ ዳዊት፡ እቲ ኮርፖረሽን ናይ ቅብኢ ኣዝርእቲ ብዝሰፍሐ ንምልማዕ ኣብ ዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ፡ ሕርሻ ሰፍ ብዝለዓለ ክሰርሓሉ ምኳኑ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ፕሮጀክት፡ ብማሕበር ተጠርኒፎም ዘልምዑ ኣባላት ሃማደኤን ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ሰንኩላንን ኩናት ኤርትራን ዘካይድዎ ጻዕሪ ብኣብነት ዝጥቀስ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ዝበርዎ እኹል ቅድመ-ምድላዋት ኣብ ምህርቶም እወታዊ ኣስተዋጽኦ ከምዝለዎ ኣረዲኡ።

ኣቶ ዳዊት ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ዚ ወቕቲ'ዚ ኣብ'ቲ ከባቢ ብዝበዝሐ ጨረሩ ደረኢያ ስለዘለዋ፡ ዝምልከቶ ኣካል ዘድሊ ስጉምቲ ክወስድ ብምዝኽኻር፡ ሓረስቶት ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩ ኣተሓሳሲቡ።

ኣልማዕቲ ብወገኖም፡ ሎሚ ዘበን ብዝበረ ጥሉል ክረምቲ ሕርሻኦም ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከምዝርከብ ብምሕባር፡ ብኮርፖረሽን ዘካይድዎ ውልቃዊ ጻዕርን ብኮርፖረሽን ብዝግበረሎም ምትሕብባርን ርቡሕ እቶት ክሓፍሱ ትጸቢት ከምዘለዎም ገሊጾም።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ


ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


# ጸጸራት - ኣብ መደባት ልምዓት ንዝተዋፈሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል እንግዶት ተገይሩ

ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጸጸራት ምስ ምምሕዳር ዞባ ብምውህሃድ፡ ኣብ መደባት ልምዓት ንዝተዋፈሩ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ብ16 ጥቅምቲ ናይ ምሳሕን ምዝንጋዕን እንግዶት ገይሩ።

ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ በረኸት ተስፋጋብር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዕላማ'ቲ መደብ ንሰራዊት ልምዓት ንምትብባዕ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እቲ መደብ ዕውት ክኸውን ንዝጸዓሩን ኣበርክቶ ንዝገበሩን ኣመስጊኑ።

እቲ መደብ፡ ብባህላዊ መሰናድኦ ዝተሰነየ ነይሩ።



ስእሊ-ሳሚኤል ንጉስ

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

### ሰንበት

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊዮሪና |
| 09:40 | ድራማ |
| 10:25 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ደሕኑት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፊልም ፈንቅል |
| 18:05 | መደብ ሄራር |
| 18:45 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፌ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:00 | ደርፌ |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:18 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:02 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታትስፖርት |
| 21:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፌ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |

# ሌላ ምስ ንኡስ ዞባ ሃበሮ



ማርታ ክብሮም
ስእሊ - ኣቤል በረኸት

2ይን መወዳእታን ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ንኡስ ዞባ ሃበሮ፡ ከምኡ'ውን ኣገልግሎት ጥዕናን ትምህርትን ኣብቲ ንኡስ ዞባ ከመይ ከም ዝመስል ዘሎ ትሕዝቶ ኣቕሪብና ነይርና። ካልኣይ ክፋል ድማ ኣገልግሎት ኣሃዱ ሚኒስትሪ ዕዮን ስብኣዊ ድሕነትን፡ ኣሃዱ ሕርሻ ከም ኡ'ውን ምስ ሓደ ካብ ኣብቲ ታውያን ኣልማዕቲ ጀራዲን ዝኾኑ ሓረስታይ ዘዘርናዮ ዕላል ኢና ከቕርብ። ምሉእ ትሕዝቶኡ ይስዕብ፡*

ሓምድ ኢብራሂም ግዝያዊ ሓላፊ ኣሃዱ ሚኒስትሪ ዕዮን ስብኣዊ ድሕነትን ንኡስ ዞባ ሃበሮ

ሓደ ካብቲ ሚኒስትሪ ዕዮን ስብኣዊ ድሕነትን ናይዚ ንኡስ ዞባ ዝጥርፈሉ ጉዳይ ስድራ ስውኣት፡ ኣረጋውያንን ስንኩላንን እዩ። ዓመታዊ ንስድራ ስውኣት ብመልክዕ ጥሪት የጣይስ እዩ።

ንኣብነት፡ ሎሚ ዓመት ን25 ስድራ ብጥሪት ኣጣይስና። እቶም ዝተጣየሱ ስድራ ስውኣት፡ ስንኩላን፡ ዘኽታማት፡ ኣረጋውያን ጸገማት ስድራን ዘጠቓልሉ እዮም።



ሓሚድ ኢብራሂም

ህዝቢ ንኡስ ዞባ ሃበሮ ንስድራ ስውኣት ምሕጋዝ ብዞፖጆእ ተረዲኦም ይሰርሓሉ ኣለዉ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንስድራ ስውኣት ንምሕጋዝ ነፍሲ ወከፍ ሰራሕተኛ መንግስቲ ካብ ደሞዙ 250 ናቕፋ ኣዋጺኡ። ብቲ ገንዘብ ድማ ን20 ስድራ ስውኣት ሓጊዘ ገይሩ።

ካልእ ኣብዚ ንኡስ ዞባ ዝዋሃብ ፍሉይ ንጥፈት፡ ብኮድራትን ሰብ ጺጋ ስድራን ዝተበገሰ ንጥፈት ኣሎ። ንሱ ከኣ ብሰንኪ ዓቕሚ ትምህርቲ ክኣትዉ ዝይኽኣሉ ተመሃሮ ምሕጋዝ እዩ። ሓደ ሰብ ንሓደ ተመሃራይ ከም ወላዲ ርእዩ ሓላፍነት ብምውሳድ ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳብ ትምህርቲ ዛዚሙ ናብ ሳዋ ዝኸይድ ንኹሉ ወጻኢታት ናይ ትምህርቱ ይሽፍነሉ። ሎሚ ዓመት በዚ ኣገባብ ዝተሓገዙ 46 ተመሃሮ ኣለዉና። ብዘይካ'ዚ ተመሃሮ ንዝዀኑ ጸገማት ተመሃሮ ንምሕጋዝ ገንዘብ የዋጽኡ እዮም።

ኣብዚ ንኡስ ዞባ ልዕሊ 590 ዝበጽሑ ስንኩላን ኣለዉ። እዚ ቁጽሪ ንኹሉ ዓይነት ስንክልና ማለት ናይ ኣካል ስንክልና ከም ኡ'ውን ኣእምሮኣውን ኣካላውን ስንክልና ዘጠቓልል እዩ። ኣብዚ ከም ጸገም ዝርአ ክመሃሩ ዝኽእሉ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ስንክልና ዘለዎም ህጻናት እኳ እንተ ሃለዉ፡ ኣብ ቦታና ንዕኦም ዝኸውን ቤት ትምህርቲ ስለ ዘየለ ዕድል ትምህርቲ ክረኽቡ ኣይክኣሉን ዘለዉ። ከምኡ ዘለዉ እንተገዲፍናዮም ከኣ ጾር ህዝቢ እዮም ክኾኑ፡ ስለዚ ገለ ፍታሕ ክመጽኣና ኢና ንጽበ፡

ዓንደብርሃን ሰለሙን - ሓላፊ ኣሃዱ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ሃበሮ

ኣብዚ ክፍሊ ብድምር 21 ኣባላት ኣለዉ። ኣባላትና ንኹሉ ሕርሻውን ልምዓታዊ ንጥፈታት ንኡስ ዞባና ብዝበዝተመደብሉ ይከታተሉ፡፡

ንኡስ ዞባ ሃበሮ ኣብ ዓመት ካብ 100-400 ሚሊ. ሜትር ዓቐን ዝናብ ይረኽብ። ሎሚ ዓመት ማይ ከምቲ ዝድለ ኣይዛረመን ብዘይካ'ዚ ክራማት ኣብዚ ቦታ ደንገዩ እዩ ጀሚሩ፡ ዝርግሐ'ውን ኣይነበሮን፡ ስለዚ እኽልታት ናይዚ ከባቢ ከምቲ ዝድለ ዕብየት ከርኢ ኣይከኣለን።

ዝበዝሐ መሬት ናይዚ ንኡስ ዞባ ማለት ልዕሊ 98 ሽሕ ሄክታር መሬት መጋሆጫ ክኸውን ከሎ፡ ኣስታት 4 ሽሕ ሄክታር ከኣ ንሕርሻ ምቹእ ዝኾነ ቦታ እዩ። ብመልክዕ ጀርዲን ዝለምዕ ከኣ ክሳብ 150 ዝበጽሕ ሄክታር ኣሎና። ኣብዚ ጀርዲን ዝፈሪ መብዛሕትኡ ፍረታትን ኣሕምልትን እዩ።

ሎሚ ዓመት ሓደ ካብቲ ብህዝቢ ዝተሰርሐ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘተኮረ ልምዓታዊ መደብ ኮይኑ ልዕሊ 800 ሄክታር ቀናታዊ ዛላታት ተሃኒጹ።

ካልእ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተኣታተወ 'መደብ ንርቃሕ' እዩ። ንርቃሕ ኣሕጻሮት ቃል ኮይኑ ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ማለት እዩ። እዚ ማለት ሓደ ሓረስታይ ነታ ንእሽተይ ግራቱ ብዞፖጆእ ዛልዩ፡ ደኲዑ፡ ክልተ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ኣዝርእቲ ብምዝራእ ግቡእ ክንክን ክገብር ከሎ እዩ። ኣብ ቀዳማይ እብረ እታ ግራት ኣእካል ጥራይ እያ ትዝራእ። ኣብ ካልኣይ እብረ ዝበዝሐ ክፋል ጥረታት፡ እቲ ዝተረፈ ንእሽተይ ክፋል ከኣ ኣሕምልትን ምቁር ድንሽን ክዘራእ ኢና ነተባብዕ። ኣብ ግዜ ሓጋይ ከኣ እቲ መሬት ምእንታን ንክረምቲ ለምሊሙ ክጸንሕ ናይ ቅብኣ ኣዝርእቲ ከም ፋል ይዝራእ። እዚ ኣብ ሰለስተ እብረ ዝተፈላለዩ ኣዝርእቲ ምዝራእ እቶም ሓረስቶት ካብ ግራቶም እኹል መግብታት ንክረኽቡ ክሕግዞም ከሎ፡ ንፍርያምነት እቲ ሓመድ ድማ ሃብታም ከም ዝኾውን ይገብሮ።

ብዘይካ'ዚ ሚኒስትሪ ሕርሻ ናይዚ ንኡስ ዞባ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሊትሮ ፈሳሲ ድኹዒ ንሓረስቶት ሂቡ።

ኣብዚ ንኡስ ዞባ ኣስታት 19 ሽሕ ዝበጽሓ ደርሁ ኣለዋ። ሎሚ ዓመት ድማ መንግስቲ ኣስታት 7 ሽሕ ጨቃዊት ብርትዓዊ ዋጋ ንሓረስቶት ዓዲሉ። ስለዚ ሓረስቶት ንኡስ ዞባ ሃበሮ



ሳልሕ ዓብደላ

እንቋቑሖ ካብ ቤቶም ሓሊፎም፡ ናብ ዕዳጋ የቕርቡ እዮም። ብዘይካ'ዚ ካብ ምምሕዳር ከባቢታት ናይዚ ንኡስ ዞባ ዝተዋጽኡ ኣስታት 30 ሓረስቶት ኣብ መፍረ ደርሁ ዘተኮረ ስልጠና ተዋሂብዎም።

ኣብዚ ኣብርቲዕና ክንሰርሓሉ ንደሊ መደብ ምርባሕ ንህቢ እዩ። ኣብ ንህቢ ከምቲ ዝድለ ኣይሰኾምናን። ሎሚ ዓመት ግና ሚኒስትሪ ሕርሻ ናይዚ ንኡስ ዞባ ኣብ 5 ዓድታት ን500 ሓረስቶት ንህቢ ከመይ ገይሮም ከም ዘራብሕ መምርሒ ተዋሂብዎም ኣሎ።

ብዘይካ'ዚ ኣብዚ ንኡስ ዞባ ብመገዲ ሪሖብ ናይ ሕርሻ ፕሮግራም፡ ከባቢ 60 ዝኾና ናይ ጸባ ከብቲ ኣለዋና። ሓንቲ ላም ምስ ወለደት ከኣ ሓንቲ ምራኽ ንካልእ ሓረስታይ ንህቡ። በዚ መገዲ እቶት ጸባ ንምኽዕባት ኣተን ናይ ጸባ ከብቲ ከዕብዚሐን መደብ ኣሎ።

ሎሚ ዓመት ምስ ሓረስቶት ዘዕቐድናዮ መደብ ባዕሎም ከመይ ገይሮም ባህርያዊ ድኹዒ የዳልዉ እዮ። ከም ወጽኢቱ ኣስታት 46 ኩንታል ድኹዒ ባዕሎም ኣዳልዮም።

ከም ኡ'ውን ብዛዕባ ምቁር ድንሽ ዘተኮረ ስልጠና ተዋሂቡ። ምቁር ድንሽ ብመልክዕ ሰላጣ፡ ጸማቖ፡ ገዓት፡ ኣብሲልካ፡ ብጥቕሚ ገይርካ ክብላዕ ይኽእል እዩ።

ኣጣል 58 ሽሕ፡ በጊዕ 2500፡ ኣጥማል ከኣ 10500፡ ኣእዱግ 3500 ኣለዉና። ኣብ እንስሳታት ሓላፊፍካ ሕማም ዝርአ እኳ እንተሎ ብቑዓት ሓካይም እንስሳታት ስለ ዘለዉና ግና ብኡጋ ኢና ንፍወሶም።

ኣብዚ ቦታ ኣብቲታውያን ኣልማዕቲ ጀራዲን ሓረስቶት ኣለዉ። ብዙሓት ካብኦም ኣብቲታውያን ድሕሪ ናጽነት ዝጀመሩን ንልዕሊ 25 ዓመታት ዘልምዑን እዮም። ብፍላይ ኣብ ኣራንሺን ማንገሰን ደሓን ዝኾነ እቶት ብምርካብ ናብ ዕዳጋታት ከረንን ኣስመራን ክልእኩ በቒዖም ይርከቡ።

ኣብ መወዳእታ ንሓደ ካብ ስድት ብምምጻእ ኣብ መባቆል ዓዱ ጀርዲን ገይሩ ናብርኡ ዝመርሕ ዘሎ ኣብቲታዊ ሓረስታይ ኢና ኣዘራሪብና። ምሉእ ትሕዝትኡ ይስዕብ፡

ሳልሕ ዓብደላ ይበሃል። ኣብ ከባቢ ገለት ንኡስ ዞባ ሃበሮ ጀርዲን ብምግባር እየ ናብራይ ዝመርሕ ዘለኹ።

ኣነ ን15 ዓመታት ኣብ ስደት ድሕሪ ምቕማጥ ኣብ ዓደይ ይሕሸኒ ብምባል እየ ናብዚ መጺአ። ኩሉ ግዜ ዓድኻን እቲ ናትካ ዝኾነ ነገርን እዩ እቲ ዝበልጽ።

ኣብ ስደት ኣብ ዝጸንሕኩሉ ውሑድ ንዘይኮነ ዓመታት ከም መራሒ ማኪና ኮይነ እየ ሰሪሐ። ግና ኩሉ ዝሰራሕክዎ ኣብ ዓድኻ ምስ ዝኸውን እዩ ፍረ ዝህቦ። ስለዚ ድማ እየ ኣብ መባቆል ዓደይ ሕርሻ ገይረ ናብራይ ክመርሕ ወሲነ።

ንጥፈታት ጀርዲን ኣብ 2017 እየ ጀሚረያ። ብምድር ዘልምዖ ዘለኹ



ዓንደብርሃን ሰለሙን

ቦታ ሰለስተ ሄክታር ኮይኑ ኣብ ፍርያት ኣራንሽን ማንገሰን እየ ዝያዳ ዝጥምት። 230 ገረብ ኣራንሽ፡ 58 ከኣ ገረብ ማንጎ ኣለዉ። ጀርዲን ኣራንሺ ኣብ ግዜ ፍረ ኣብ ሓደ ግዜ ክሳብ 100 ኩንታል እትዋት ይርከቦ እዩ። ፍርያተይ ድማ ከረንን ሃበሮን እናኸድኩ እየ ዝሸጦ።

ብዘይካ'ዚ ኣብ ምፍራይ ኣሕምልቲ ከም ኮሚደረ፡ ቡምዶ፡ ምሉኽያ'ውን ይሃጥፍ እየ።


ስራሕ ጀርዲን ካብቲ ካልእ ዓይነት ማሕረስ ዝፈልዮ ነገር ቀጻሊ ምስኡ ክትህሉ ኣሎካ፡ ኮታስ ጽዕቅ ዝበለ ስራሕ ዝሓትት እዩ።

ብፍላይ ገረብ ኣራንሺ ፈውሲ፡ ድኹዒን ቀጻሊ ክንክንን ይደሊ፡ ገረብ ማንጎ ግና ሓንሳብ ምስ ተኸልካዮ ብዙሕ ስራሕ ዝሓትት ኣይኮነን።

ኣብ ስራሕ ቤት ሰበይን ደቂ ዓደይን ይተሓጋገዙኒ እዮም።

ኣብ መጻኢ ከኣ ናይ ጸባ ከብቲን ደርሆን ብምግባር ሕርሻይ ከስፍሖ መደብ ኣሎኒ።

ኣብ መወዳእታ ከመሓልልፎ ዝደሊ፡ ኣብ ዓደይ ከሚኢ ኣለ ብዓቕመይ ጀርዲን እናኣልማዕኩ ክነብር ምኽኣለይ ኣዝዩ እየ ሕጉሰ፡ ዓድና ሰላም እዩ፡ ከም ዓድኻ ዝመስለካ የለን። ክብረትን ሃብቲ ብዓቢኡ ድማ ዕጋበትን ሓጎስን ኣብ ስደት ዘይኮነ ኣብዚ እየ ረኺበዮ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና !



መሓመድ እድሪስ

## እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት

### ዘማችን ጉጅለታት ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባን

ብፖርማይ ተኽለ (ጓዕዳድ) ካብ ዝተጻሕፈ ሳልሳይ ሕታም፡ ታሪኽን ፍርያትን ስነ-ጥበበኛ እስጢፋኖስ ኣብርሃም (ዞማች)፡ ምርኩስ ብምግባር፡ ኑቲ ኣብ ከተማ ከረን ዝፈለሞ፡ ካብ መውዳእታ 1978 ንደሓር ከኣ ኣብ ሳሕል ዝቐጸሎ፡ ከም ኣቦ፡ ኣላዪ፡ መምህር፡ መዚቐኛ፡ ደራሲን ዜማን ኮይኑ ዝበዝሐ ገድላዊ ህይወቱ ምስ ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንቡባ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዘሕለፈ፡ ስነ-ጥበበኛ ዞማችን ናብ ስነ-ጥበብ ብኸመይ ከምዝኣተወ ክነርኢ፦

እስጢፋኖስ ኣብርሃም (ዞማች) ኣብ 1974 ናብ ሜዳ ምስ ተሰለፈ፡ ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ ሳሕል በጺሑ ኣብ ብሌቓት ተዓሊሙ። ድሕሪ ታዕሊም ናብቲን ኣብ ከቢድ ዝበረ ሓይልታት ተመዲቡ ድማ፡ ኣብ ሓያለ ወግኣት ተሳቲፉ። ኣብቲ ዝተሳተፎ ወግኣት ድማ ዝተፈላለየ መውጋእቲ ኣጋጠሞ። ኣብ መጠረሽታ ከኣ ኣብቲ ኣብ ሓምለ 1977 ኣብ ምሕራር ከተማ ከረን ዝተገበረ ውግእ የማናይቲ እግሩ ወፍዩ። ነቲ ወተሃደራዊ ታዕሊም ክቐስም ዝኸዶ ሳሕል ድማ ንኻልኣይ ግዜ ክሕከም ናብ ሕክምና ሰበርቀጠ ተላኢኹ።


እስጢፋኖስ ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ኣብ ሕክምና ቁስሉ ምስ ሓወየ ምርኩስ ተዋሂቡ ናብታ ኣብ ቀረባ ርሕቀት ካብ ሰበርቀጠ ኣብ ዜሮ ዝነበረት ቤ/ት/ ሰውራ ከም መምህር ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ተመዲቡ። እንተኾነ ከይጸንሐ ኣብ 8ይ ዙርያ ካድር ክመሃር ናብ ሰማር (መንተብለ) ተላኢኹ። ኣብኡ ድማ ካድር ተማሂሩ። እቲ ዞማች ካድር ዝመሃረሉ ዝነበረ እዋን ባጽዕ ንምሓዝ ብርቱዕ ኩናት ይካየድን ጸላኢ ብኹሉ ወገናት ተጋዳላይ ክድምስስ ዝወፈረሉን ዝነበረ እዋን'ዩ። ኮይና ወጺኣ። ሓቂ'ዩ ሽው ተጋዳላይ ኣብ ጨው ሰሊና ባጽዕ ብጅግንነት ብበረት ክደራገም ከሎ፡ እቲ ካልእ ገድሊ ንናጽነት ድማ በቲ ኣብ መንተብለን ካልእ ቦታታት ዝነበረ ዝነበረ ሰውራዊ ዜማታት ይሰሉ ነይሩ።



ሽው እቶም ካድራት፡ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ብዙሕ ንጥፈታት'ዮም ዘካይዱ። እንተላይ ባህላውን ማእቶታውን ንጥፈታት። ዞማች ሰንከል ስለዝኾነ ማእቶት ይምልከቶ ኣይነበረን። እተን ጋንታታት ከፊሲወከፈን ጉጅለ ባህሊ ኣቕመን ይውዳደራ ነበራ። ዞማች ኣብተን ጉጅለታት ባህሊ እቲውኒ እንተዘይነበረ፡ ጋንታኡ ክትሰዕር ካብ ዝበረ ሓያል

ስምዒት ግን ብዝተዋሃቦ ደርፊ ኣውጺኡ። እታ ዜማ ብፋዳ ደጋገሞ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዝኾነ መሳርሒ መዚቃ'ውን ይመልኽ ኣይነበረን።

"ጸላእቲ ኣዕገርገሩ ኩብዶም ተሸበሩ......" ኣብ መደቀሲኡ... ኣብ መኣዲ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኮይኑ ይደጋግሞ። ኣባላት ጋንታኡ "እስከ ኣስመዓና... እስከ ድገሞ!" እናበሉ የተባብዕዎ፡ ንሱ ኸኣ ባህ ኢሉዎ ይደጋግሞ። ከም ደራፋይ ስለዘይፈልጠዎ ተወሃቢኡ ገሪሙዎም



ስነ-ጥበበኛ እስጢፋኖስ ኣብረሃም (ዘማች) ኣብ 1978

"ጸላእቲ ኣዕገሩ ኩብዶም ተሸበሩ
ጥሒሶም ከደ መትከሉ ዓቲሩ።

ሰንሰለት መግዛእቲ ኩሉ ዘበራ
ካብ ጥልያን እንግሊዝ ከምኡ'ውን
ኣምሓራ
ሓፋሽ ተቓለሰ ንኸውጽኣ ሓራ
ከረን ረኣዩዋ ታሪኻዊት ሰፍራ።"

ዞማች እታ ደሓር ብመዚቃ ተቐናቢሩ ዝደረፉ ደርፊ፡ ኣብ ሰሚ ኮይንካ ካብ ደምጹ ክትሰምዓ ከለኻ ካብቶም ኣብ ንኡስ ዕድመ ዝበሩ ቀያሕቲ ዕንባባ ዝፍለ ኣይነበረን። ዞማች እዛ ቦኽሪ ቅኒቱ ኣብ ሓጺር ግዜ ብኹሉ ተጋዳላይ ተፈትያ ኣብ መላእ ወድብ ፍልጥትን ህብብትን ኮይና። ተጋዳላይን ህዝብን ደጋጊሙ ክዘይማ ግዜ ኣይወሰደትን። ኣብ ሓራ መሬት ዝበሩ ቀያሕቲ ዕንባባ'ውን ኑታ ደርፊ እናደጋገሙ ዚያዳ ኣፋሊጠዋ።

ትምህርቲ ምስ ተወደአ፡ ዞማች ኣብ መጋቢት 1978 ናብታ የማናይቲ እግሩ ዝገደፈላ ከረን ኣምረሐ። ከረን ጥዕምቲ ከተማ'ያ። በዓብኡ ንዞማች ዓቢ ማዘርታ ኣለዋ። በቲ ኣብኣ ዝገደፎ ኑብሱስጉ



እዚ ኩናት እዚ ድማ ኑተን ተኸታተልቲ ኣብ መንተብለ ዝመሃራ ዝነበራ ዙርያታት ካድር ይጸልወን ነይሩ።

8ይ ዙርያ ካድር እናቐጸለ፡ እቶም ካድራት ንእዋን ምመረቕታ ዝኸውን ዝተፈላለየ ግጥምታት፡ ደርፍታት፡ ተዋስኣታት የዳልዋን ይውዳደራ ስለዝነበራ ድማ'ዩ እስጢፋኖስ፡ ምስቲ ናይ ጸላኢ ዝግበር ዝበረ ምዕገርጋር ሓንቲ ዜማ ኣውጺኡ። እታ ዜማ ኣብቲ ናይ መመረቕታ ኣጋጣሚ ተዓዋቲት ደርፊ እያ። ኣብ መድረኽ ወጺኡ ባዕሉ ክደርፋ ድማ ደፋፍእዎ። በዚ ተተባቢዑ፡ ዝኸኣሎ ልምምድ ገይሩ፡ ኣብ ማዕጸዊ ትምህርቲ ኣብ መድረኽ ወጺኡ ባዕሉ ደረፋ። ኣብቲ ባህላዊ ውድድር ጋንታ በዓል ዞማች ቀዳማይቲ ኮይና ተዓወተት። እዛ ዕለት እዚኣ ንዞማች ከም ድምጻዊ ዘፋለጠቶ ኣብ ህይወት ገድሊ ኣገዳሲ ዝተቐሳቀሰ መዓልቲ ኢያ ነይራ። መንተብለ ኣብ ህይወት እስጢፋኖስ ኣብርሃም (ዞማች) ዓቢ መቐይሮ ዝነበረት ቦታ'ያ። እናሻዕ ዝቀላቐሎ ጊዜፍ ማዘርታ። ከረን ምስ ኣተወ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣቢታ ከተማ ክምህር ከምዝተመደበ ተነገሮ። ዞማች ኣቢታ ሓራ ከረን ክቕመጥ ደስ ኢሉዎ ተቐበሎ። ኣብኡ ንተማሃሮ ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ክምህር ጀመረ። ኣመሃህሩኡ ሱሩቱን መሳጥን ብምንባሩ ኩሎም ተማሃሮ ሰጥ ኢሎም'ዮም ዝሰምዕዎ። ግን እቲ ኣብ መንተብለ ዝፈለሞ ስነ-ጥበባዊ ስራሕ ፈቲይዎ ከም ሞያ ክቕጽሎ ድማ ምስ ኑብሱ ተመባጽዐ።

ይቕጽል....

## ሳሕልን ቅርስታት ገድልን !

### ብዛዕባ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ምዕባለን ቤት ትምህርቲ ሰውራ እንታይ ትፈልጡ?

ቤት ትምህርቲ ሰውራ ክጅመር ከሎ፡ ዝለዓለ ክፍሊ ሳልሳይ ክፍሊ ጥራይ ነይሩ። ዓመት ዓመት ሓደ ሓደ ክፍሊ እናወሰኸት ስለ ዝኸደት ግን፡ ካብ 1976-1987 ኣብተን 10 ዓመታት ዕድመኣ እቲ ዝለዓለ ደረጃ 6ይ ክፍሊ ክበጽሕ ክኢሉ። መጠን ብዝሒ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዳርጋ ማዕረ ነይሩ።

ተመሃሮ ቤ/ት/ሰውራ ድልዱል ኣካልን ጥዑይ ሓንጎልን ንኽህልዎም ስፖርት ኣገዳሲ እዩ። እንተኾነ ኣብቲ ዓሰራይ ዓመት ምምስራት ቤ/ት/ ሰውራ ዝተጸንበለላ 1987 ልዕሊ 2000 (ክልተ ሽሕ) ተመሃሮ ብሓንቲ ኩዕሶ ይጻወቱ ነይሮም።

ሽዑ ዓመት ኩነታት መንባብሮ'ውን ኣዝዩ ለጠቕ ኢሉ ነይሩ። ሽሕ እኳ ሓርጭ እንተ ዘይተሰኣነ፡ ንግሆ ብዘይ ሻሂ ንነዊሕ እዋን ትምህርቲ ተኻዪዱ እዩ። ኣብ ርእሲኡ ናይ ኩዳንን ኮቦርታን ዕርቃን እናገደደ ከይዱ። ምስቲ ሕማቕ መንባብሮ፡




ቀይሕ ኮኾብ

ዓሬርብ እኹል ዕንጸይቲ ስለ ዘይነበሮ ኣብ ርሑቕ ጎቦታትን ኣጻድፍን ይወፍሩ። ሳዕቤኑ ድማ፡ ምውዳቕን ኣሾኽ ምውጋእን ከቢድ ድኻም ስለ ዝተወሰኾ ኑቲ ምረት የብእሶ ነይሩ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ቤ/ት/ሰውራ ሓደ ጨ/ ዜናን ፕሮፖጋንዳን ዝበሃል ጉጅለ ቀድሚ ምዝላቕ ኣብ ዜሮ ዝጀመረን ኣብ ዓሬርብ ዝቐጸለን ነይሩ። እዚ ጉጅለ'ዚ ብተበግሶኡ ዘዳልዋ "ቀይሕ ኮኾብ" እትብሃል መጽሔት ነይራቶ። ንጽሑፋዊ ምዕባለ ተመሃሮ ቤ/ት/ ሰውራ ዓቢ መሳርሒት'ያ። ከምኡ'ውን ኣብ ረቒቕ ናይ ጸባ ፕላስቲክ ብሕብሪ ዝተሰኣለ ስእልታት፡ ብላምፓዲና ጨራ ዘሕልፍ ሳንዱቕን ፕሮጀክተርን ምኻኑ እዩ፡ ተጠቒሞም ፊልምታት ንተመሃሮን መምህራንን ከርእዩ ጀሚሮም።

ይቕጽል....

### መኣረምታ

ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ናይዚ ዓምዲ፡ ቤ/ት/ሰውራ ኣብ መስከረም 1976 ብህ.ግ.ሓ.ኤ ተመስሪታ ዝብል ዘሎ፡ ብህ.ሓ.ሓ.ኤ ተመስሪታ ተባሂሉ ክኣረም ምስ ናይ ይቕሬታኡ ንሕብር።



## ዋዛታት ሓርበኛ



እዚ ዋዛታት ሓርበኛ ብዙቡል ኣርእስቲ ዝዳሎ ከርናዕ መብዝሕትኡ ናይ ሓይልታት ምክልኻልና፡ ናይ ዘበ-ገድሊ ይኹን ዋርሳይ ወለዶ እዩ። ካብ ተኸታተልቲ ንዝመጽኣና ዋዛታት'ውን ክነስንግድ ኢና።

"እዘን ሰላሳ"

ደድሕሪ ናጽነት 1991፡ ተጋዳላይ 30 ናቕፋ ናይ ጁባ ገንዘብ ክቕበል ኣብ ዝጀመረሉ ወቕቲ'ዩ። ሽዑ፡ በዘን ገንዘብ ዘይዓገበ ሓደ ተዋዛያይ ተጋዳላይ፡ ኣብ እዋን ምዝንጋዕ ናይ ኣሃዱኡ ተንሲኡ ከምዚ ዝብል ማሰ ኣሰምዐ፦

እዘን ሰላሳ፡ እዘን ሰላሳ
ንእየሰብን ይሁዳን ዘቡኣሳ
ሓደው ይኸና ሓፀማ፡
ሓደው ይመስሉ፡

ቢንያም ሃይለ

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

中 閶 资 源 投 资 有 限 公 司

**ZHONG CHANG MINING P.L.CO**

## ZHONG CHANG MINING P.L.CO

Jacaranda Sembel Street 199/18 No. 206, Asmara Eritrea Tel:00291-7198802

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Zhong Chang Mining P.L.Co invites qualified applicants for the following post:

1, Position: Drilling engineer
Place of Work: Mai-Mine
Starting Date: Qctober 2025
Salary: As per company salary scale
Contract type: Indefinite period
Number required: Two (2)

**Main functions**

1. Proficient in all operations of fully automated hydraulic drill rigs to ensure work efficiency and quality.
2. Follow all the health and safety procedures.
3. Prepare drilling reports to head office weekly.

**Knowledge experience and skills**
**Qualifications:**
College degree or above
And hold a professional certification

**Skills:**
1. More than 5 years' experience.
2. Good command of written and spoken English.
3. Physically fit.

2, Position: Blasting engineer
Place of Work: Mai-Mine
Starting Date: Qctober 2025
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: Two (2)

**Main functions**

1. Proficient in various blasting methods to ensure work efficiency.
2. Guarantee safety at the construction site.
3. Prepare work reports to head office weekly.

**Knowledge experience and skills**
**Qualifications:**
College degree or above
And hold a professional certification.

**Skills:**
1. More than 5 years' experience.
2. Good command of written and spoken English.
3. Physically fit.

**Additional requirements for Nationals:**

1.Having fulfilled his /her national service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
2.Present the clearance paper from current or last employer.
3.Testimonial documents to be attached（CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc）
4.Application documents will not be returned to the sender.
5.Only shortlisted applicant will be considered as potential candidates for an interview.
6.Deadline of application: 5 days from the day of publication in the newspaper.

**Address: Please mail your application to the following address**
**1. Zhong Chang Mining P.L.Co**
**Contact number: 07198802**

**2.Mineral Resources Mangerment**
**P.O.Box-272,Asmara**

**Note to Eritrean applicants:**
1.Please send a copy of your applications to Aliens Employment Permit Affairs.
P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea.

### ንኽልኣይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፣ ስጋ ጤለ በጊዕ ምስ ዓጽሙ፣ ስጋ ከብቲ ስጡይ፡እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ገፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙ፣ ጸባ ከብቲ፡ ማሳኸቲ ሕብስቲ (ባኒ) መጥሓኒ እኽሊ.
ኣሃዱ፡ ጨንሬር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ ባርካ

ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ጨንሬር ሚ/ጥ/ዞባ ጋሽ ባርካ ንዓመተ 2026 ካብ ወርሒ 01/1/2026 ክሳብ 31/12/2026 ዓ/ም ኣብ ትሕቲኡ ዝርከብ ሆስፒታላት ከምኡ'ውን ቤት /ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርሳት ባረንቱ፡ ሆስፒታል ባረንቱ፡ ሆስፒታል ኣቑርደት፣ ሆስፒታል ተሰነይ፡ ኮማዊ ሆስፒታል ጎልጅ፣ ንሕሙማትን ተመሃሮ ኣገልግሎት ዝውዕል ቀረብ ከጫረት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ ይዕድም።

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት (ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣርባዕተ ሆስፒታላት ንሕሙማት ዝውዕል መግቢ፡ ንቤ/ት ተሓጋገዝቲ ነርሳት ባረንቱ ንተመሃሮ መግቢ)
1. ጨ/ሚ/ጥ/ዞባ ጋሽ ባርካ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስቡሒ ዘይብሉ ስጋ ከብቲ ስጋ ጤለ በጊዕ፡ ናይ ሆላንድ ፍሩይ እንቋቑሖ፡ ዝተቓመመ ገፍሮ በርበረ፡ መጥሓኒ እኽሊን ማሳኸቲ ሕብስትን (ባኒ) ጸባ ከብቲ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2024 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ወሽጢ ሃገር፡ መንነት ወረቐት የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ኣቶ ኢያሱ ሃብተ ብቑጽሪ ቴሌ. 731339 (ሞባይል 07190264) ቤት ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ነርሳት ባረንቱ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ከፊሎም ቅብሊት ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ፣ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ንዕለት 17/10/2025 ሰዓት 9:45 ቅ/ቀ ክበጽሕ ኣለዎ። ድንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ፡ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲን ክሳተፍ ዝደለ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣድራሻ መወከሲ ሆስፒታል ባረንቱ ይኣቱ። ዕለት 17/10/2025 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ዝኽፈተሉ ቦታ ኣድራሻ መወከሲ ሆስፒታል ባረንቱ።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንኣሕምልትን፡ ፍረታትን፡ ንስጋ ከብቲ ነፍሲ ወከፍ 20.000.00 ናቕፋ ንእንቋቑሖ 20.000.00 ናቕፋ፡ ናይ ዝተቓመመ ገፍሮ በርበረን፡ መጥሓኒ እኽሊን ማሳኸቲ ሕብስቲን፡ ጸባ ከብትን ነፍሲ ወከፍ 20.000.00 ናቕፋ (ብሲፒኦ) ክትሓዝ ይግባእ።
8. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስቲ ብዝእዝዞ መሰረት ይኻየድ።
9. ተጫራቲ ኑቲ ዝተዓወትሉ መግቢ ብፍቱ መጉዓዝያ ናብ ዝተዓወተሉ 4 ሆስፒታላት 1 ቤት ትምህርቲ ተሓጋገዝቲ ኣለሻይት ነርስ ባረንቱ = ን5 ትካላት የቕርብ።
10. ጨ/ሚ/ጥ/ዞባ ጋሽ ባርካ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤት ጽሕፈት ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨ/ሚ/ጥ/ዞባ ጋሽ ባርካ ባረንቱ
ቁ.ተሌፎን 731210



### ምስጋና

ብማስዋእቲ ዘፍቅሮ ብጻል ቤተይ ተጋዳላይን ሱጥበቐን ኣርኣያ ይሕደጎ ጉብረስላሴ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ገዛና ዝተመላለስኩምን ካብ ወሸጥን ወጻእን ደዊልኩም ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ብኣኽብሮት ንገልጽ።

ብጻልቲ ቤቱ ተ/ጋ ኣዝመራ ጉብረትንሳኤ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

በር-ዓይነት ሕርሻ ሓ.ዝ.ብ.ማ በዞም ዝስዕቡ ኣባላት ተመስሪቱ ከምዝሎ ንህዝቢ የፍልጥ

| ኣስማት ኣባላት | ኣድራሻ | ብርኪ |
|---|---|---|
| 1. ኣቶ መሓመድ ዒስማዒል መሓመድ | ዓዲ-እብርሂም | 300 |
| 2. ወ/ሮ ስተል ኣደም ኢብራሂም | ኣቑርደት | 300 |
| ድምር | | 600 |

- ቀንዲ ቤ/ጽሕፈቱ ኣብ ከተማ ኣቑርደት ኮይኑ ጨንሬር ድማ ኣብ ኤርትራን ወጻእን ክምስረት ይኽእል።
- ርእሲ-ማል ማሕበር ናቕፋ 600,000.00 እዩ፡ ኣብ 1000 ብርኪታት ዝተመቐለ ብጥረ-ገንዘብ ብዓይነትን ዝተኸፍለን ዝተመዝገበን ርእሱማል ኣለዎ።
- ዕላማን ንጥፈታትን ናይዚ ማሕበር፦
1. ዝተፈላለዩ ፍረታትን ኣሕምልትን ከም በናና፡ ለሚን፡ ዘይቱን፡ ኮሚደረ፡ ሸገርቲ፡ ባምያ፡ ወዘተ. ምፍራይ፡ ምዝርጋሕን ምሻጥን
2. ምርባሕ፡ ምስባሕን ምሻጥን ከብትን ጤለበጊዕን
3. ምሻጥን ምዝርጋሕን ስጋን ወጺት ጸባን ወዘተ እዩ።
- ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ መሓመድ ስራጅ ኑርሑሴን ሰዒድ እዩ።
- እዚ ማሕበር ንዘይተወሰነ ግዜ ተመስሪቱ ኣሎ።

በር-ዓይነት ሕርሻ ሓ.ዝ.ብ.ማ

# ዓወት ንሓፋሽ! ከም ዕላማን ትርጉምን

ግርማይ ወልደግዮርጊስ
(መንከኒኖ)
ሚኒስትሪ ቱሪዝም

"ዓወት ንሓፋሽ!" ኣብ መንፈስን ኣተሓሳስባን ህዝቢ ስለ ዝሰረጸ፡ ክሉ ንጥፈታቱ ብዓወት ንሓፋሽ ክዛዘም ንብር ተርእዮ ምኻኑ ኣየማትእን። ብቐንዱ ዓወት ንሓፋሽ ፍሉይ ሕላገት ህዝባዊ ግንባርን ህዝቢ ኤርትራን እዩ።

ሓደ ብኸቢድ ዝተወግአ ተጋዳላይ፡ "ማይ'ዶ ከስትየካ እንታይ ክጉበረልካ" ኢልካ ሓቲትካዮ ንምምላስ ዝተጸገመ፡ ናይ መወዳእታ ሕልፈተ ትንፋስ ምስ ኣኸለት ግና "ዓወት ንሓፋሽ" ኢድማጹ ንሓዋሩ ደሰናበተ። እዚ ኸኣ "ዓወት ንሓፋሽ" ተጋዳላይ፡ ኣብ ህዝቡ (ሓፋሽ) ዘለዎ እምነትን ዝተሰከሞ ሕድሪን ንኽገልጸላ ዝወሃና ኣልፋን ኦሜጋን ንብረቱ ምኻና ምስክር እዩ።

እቶም ዝ. ስወእ እዚ ሓመድ ኣዳም ዘልበሱ ብጾቱ ድማ፡ ድሕሪ ዝኸረ ሰማእታት፡ ዝተረኽብዎ ቀጻሊ ገዕዘ ምርግጋጽ ምዕዋት ሓፋሽ ምኻኑ ኣሚናም፡ ስወእ ክቐብሩ ምእንቲ ብ "ዓወት ንሓፋሽ" ደሰናበትዎ። ናብ ቦታኦም ተመሊሶም ውዕሎ ኩናት ድሕሪ ምምዕጋም ድማ፡ ብዓወት ንሓፋሽ ይዛዘሙ።

እዞም ተጋደልቲ ኣብ በይኖም ንዘጉበሩዎ ገምጋም ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስቲ ዝጋደልሉ ዘለዉ ህዝቢ ብመልክዕ ባይቶ ድሕሪ ምይያጥን ዘተን፡ ብሓባር "ዓወት ንሓፋሽ!" ኢሎም ይዛዘሙን ይፈላለዩን። ኣብ ማእቶት፡ ካልእ ንህዝቢ ኣብ ዝግበር ሓገዛትን ወፍርን ወዲሎም'ውን ብዓወት ንሓፋሽ ይዛዘሙ። ሕሉፍ ሓሊፎም ኑቲ ንናይ ቀጻልን ሓባራውን ሂወቶም ዝውሰን ስርዓት መርዓ ማለት ቃልኪዳን ኣብ ዝኣሰሩሉ ህሞት ከይተረፈ፡ ብሓባር ክንቅጽል ቃልኪዳን ንኣቱ ንዝብል ኣምር ብዓወት ንሓፋሽ እዮም ዝገልጽዎን ዝዛዝምዎን። ስለዚ ዓወት ንሓፋሽ ዘይፍረስዩን ዘይመረቐዩን ንጥፈታት ሰውራን (ገድልን) ሃገርን የለን።

**እዚ ዝተጠቕሰ ይኹንምበር ዓወት ንሓፋሽ ናይ ተጋዳላይ ጥራይ ድዩ?**

ዓወት ንሓፋሽ ናይ ኩሉ ፈታው ሃገሩ፡ ታሪኹ፡ ህዝቡን ሰውኣቱን ዝኾነ በዓል ውዕለትን መትከልን እዩ። ብሓጺሩ "ዓወት ንሓፋሽ" ናትና ናይ ኤርትራውያን ሓበራዊ ዋኒን እዩ። ኣብዚ ክንጸር ዘለዎ ግና "ዓወት ንሓፋሽ!" ዝብል ኣምር ንኹሉ ብስም ኤርትራዊ ዝጽዋዕ ወይ ካብ ኤርትራ ዝተወልደ ሰብ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ብሕርያ ዝጸንበር ዓውዲ ብሉጻት እዩ። ስለዚ ናይ ኤርትራውያን ክበሃል እንከሎ ኤርትራዊ ብመንነት ጥራይ ማለት ዘይኮነ ኤርትራዊ ብኣተሓሳስባን ግብርን ማለት እዩ። ብገጸር ዝበለ ኣገላልጻ ዓወት ንሓፋሽ፡ ምሩጽ ዘርኢ እምበር ክርዳድ ውዲ ክርዳድ ዝእከብ ዳስ ዝኩጋት ኣይኮነን።

ስለምንታይ እዩ ዓወት ንሓፋሽ መፈጠርን ፍሉይ ሕላገት ህዝባዊ ግንባርን ኮይኑ ዝብል ሕቶ ክለዓል ባህርያዊ እዩ።

ህዝባዊ ግንባር ፍጥርን ቡቕልን ካብ ዝብል ኣትሒዙ፡ ኣብ ሓፋሽ ህዝቢ ፈሊሱ ዝብቖለን ዝጠጥዐን ውድብ ብምንባሩ እዩ። እዚ ማለት ህዝባዊ ግንባር ቃልሲ ክጅምር ታተ ክብል እንከሎ፡ ሓጋዚን ደጋፍን ወይ ድማ እምጣን ጸግዕን ዝኾኖ መዕቆቢ ኣሚኑ ኣይተበገሰን። ቃልሲ ሓፋሽ ብሓፋሽ ንሓፋሽ ምኻኑ ኣሚኑ፡ ዓወት ንሓፋሽ ሕርያኡ ክኸውን መሪጹ።

ስለዚ ድማ ዓወት ንሓፋሽ ተጨሪሑ ኣብ ህዋ ወይ ንፋስ ዝበንን ከም ካልእ ብዙሕ ተራ ጭርሖታት ኣይኮነን። ኣብ ልብን ቀልብን ደቂ ህዝብን ሃገርን ኣብ ልቢ ሓርበኛታት ዝተሓተመ ብመንፍዓትን ልቦናን ዝልኮዐ እዩ።

ዓወት ንሓፋሽ ውሽጣዊ ምስጢሩ እንታዩ ኢልካ ምሕታት እውን ኣገዳሲ ኮይኑ ንረኽቦ፡ምስጢር ዓወቱ ኣብ መሰረቱ እዩ። እቲ መሰረት ጽንዓትን ምጽዋርን፡ እምነትን ተወፋይነትን፡ ጽባሕን ራእይን፡ ብኹሉ እንትናኻ ንታሪኽን ሓድግታትን ንሃገርን ሓፋሽን ምስዋእ እዩ።

ዓወት ንሓፋሽ ከምቲ ሰቲ እንተልዩ እኾ ዝሀለ፡ ዓወት ንሓፋሽ ክሰምዑ እዘኖም ዝጸንዖም፡ ክውሕጥዎ ጎሮሮኦም ዝጹብብ፡ ሰብ ዘይኮኑ ሰበኻት ኣየጋጥሙን ማለት ኣይኮነን። ክንዲ ዝኾነ ዓወት ንሓፋሽ ካብ መቓልሕ ክትሃጥም፡ ካብ ኣተሓሳስባ ክትድምሰሱ ኮታ ሰረ መሰረታ ክብርቕቕ ርእሶምልን ፕሮፖጋንዳን ኣዋፊሮም ከይኣኸሉም ብጠንቂሎ እውን ከበምጊመዋ ክንደይ ዘይፈተኑ እንተኾነ ማይ ሓቒናም ተረፎም እምበር ሓንቲ ኣይፈየዱን።

"ዓወት ንሓፋሽ ንኸይትድምሰሰ ንኸይትሃሰሰን ቀንዲ ዋሕስ ዝኾና፡ ኣብ ልብን ቀልብን ህዝቢ ኤርትራ ብምስፋራ እዩ። ናይዚ ቀሊል መርኣያ ድማ፡ ዝኾነ ዜጋ ኣብ ዝጽሕፎም ቁም ነገር ሓዚል ዕዩባት ጉዳያትን ውዕላትን ብዓወት ንሓፋሽ እዩ ዝዛዝሞ።

ዓወት ንሓፋሽ ዝብል ዛዕባ ኣልዒለም ሰዓዎት እናኾዥዞጦ ዘልዕልዎ ሓደ ጉዳይ ግን ኣሎ። ንሱ ድማ፡ ዓወት ንሓፋሽ ከም ኣምርን ዕላማን ማዕረ'ቲ ኣብ ልቢ ህዝቢ ምስፋሩ፡ ንስሉኡ ተባዚሉ ብስሙን ትርጉሙን ዝተዘመረ መዝሙር ይኹን ኩሉ ዝደርፎ ብቐሊል ዝተሓዘ ምኡዝ ደርፊ ዘይምህላው እዩ።

**ብመሰረቱ ጭርሖ እንታይ እዩ? እንታዮትኸ ኣገዳስነቱ?**

ጭርሖ ዝደጋገም መግለጺ ናይ ሓደ ኣተሓሳስባ፡ ዕላማ፡ መልእኽቲ፡ ወይ ስነሓሳብ ኮይኑ፡ ንተግባራዊ ጠባይ ወይ መርገጽን ሸቶን ንምግላጽ፡ ብሓደ ቃል ወይ ሓረግ ዝግለጽ ሓረግ እዩ። እቲ ጭርሖ ሓጺር፡ ገላጺን ኣቓልቦ ዝስሕብን ኮይኑ፡ ናይ ሓደ ውድብ ወይ ምንቅስቓስ ህልውናን ቀጻልነትን መወዳእታ ሸቶን ዕላማን ዝገልጽ እዩ።

ኣገዳስነቱ ድማ ናይ ብዙሓት ኣተሓሳስባ ናብ ሓደ መኣዘንን ጠመተን ንምምዕራይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይቲ ኑቲ ጭርሖ ዘዋግስ ዘሎ ሓይሊ ይኹን ካልእ፡ ውሽጣዊ ትሕዝቶን ኣመታቱን ናበይን ንምንታይ ምኻኑን ድማ ብንጹሕ ንምርኣይ እዩ። ህዝባዊ ግንባር፡ ከም ሓደ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ፡ ንጠባያቱን ተግባራቱን ቀጻልቲ ዕላማታቱን ዘንጸባርቑ ጭርሖታት ከውጽእ ግድን ይኸውን።



መሪሕ ውድብ "ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ" ኣብቲ "ህዝባዊ ሓይልታት" እናተባህለ ዝጽውዓሉ ዝነበረ ፈላሚ መድረኻ ናይ ቃልሲ፡ ተጋደልቱ ዝጭርሑዎ ዝነበሩ ግሩን ጭርሖ "ኣብ ዘለናዮ ሰልፊ ዓወት ወይ ሞት" ዝብል እዩ ነይሩ። እዚ ጭርሖ እዚ፡ ኣብ እዋኑ ኑቲ ዝነበረ መድረኽ ናይ ቃልስን ብድሆታቱን ዝገልጽ እዩ ነይሩ ዝብል ኣረዳድኣ ኣሎ። ምኽንያቱ እቲ መድረኽ'ቲ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ኹና ኣብ እግሪ ተኸሉ ብብዙሓት ተጻባእቲ እናተሃድኑ ነዛ ህላወኦም ንምውሓስ ኣብ ብልሒ መላጸ ኮይኑ ዝጋደሉሉ እዋን ብምንባሩ፡ ተጋዳላይ ኣብቲ ሓንሳብ ዝኣመነሉ ዕላማ ክጸንዕ ኑቲ ዝተሰለፈሉ ዕላማ ከዐውት ማስዋእቲ ብምኽፋል ውድብ ከድሕን ዘይሰስዐ ግድን ነበረ። ክንዲ ዝኾነ "ኣብ ዘለናዮ ሰልፊ (ውድብ ንምለት'ዩ) ዓወት ወይ ሞት" ዝብል





ጭርሖ ምስቲ መድረኽ'ቲ ዝሃበ ዝበለጸ ጭርሖ ምንባሩ ዘጉተዕ ኣይመስለንን።

በዚ ድማ ተጋደልቲ ሰልፎም (ውድቦም) ናብ ዓወት ክሰጉም ሞት (ማስዋእቲ) እንኮን ዘይሰገርን ሕርያኦም ኮይኑ። በቲ "ኣብ ዘለናዮ ሰልፊ ዓወት ወይ ሞት" ዝብል ጭርሖ ተማእዚናም፡ ድሕነትን ቀጻልነትን ውድቦም ኣውሒሶም፡ ናብቲ ኣብ 1977 ዝተኻየደ፡ ስም ህዝባዊ ሓይልታት ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተቐየረሉ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ በጺሖም።

ብመረዳእታይ "ኣብ ዘለናዮ ሰልፊ ዓወት ወይ ሞት" ኑቲ ዝነበረ መድረኽ ኣገልጊሉ እዩ። ድሕሪኡ ግን፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ካብ መድረኽ ምርግጋጽ ህላወን ቀጻልነትን ወጺኡ፡ ኣብ መላእ ኤርትራ ጽልዋኡ ብምስፋሑ፡ ህዝቢ ብምንቃሑ፡ ብምውዳቡን ብምዕጣቑን ኑቲ ብውሑዳት ተጋደልቲ ዝጀመረ ቃልሲ ናብ ቃልሲ መላእ ህዝቢ እዩ ቀይሩዎ። እቲ ቃልሲ ንሓፋሽ ህዝቢ መሰረትን ማእከልን ዝገበረ፡ ህዝባዊ ዕላማን ሸቶን ዝጸረ ብምንባሩ ድማ፡ ሰዮማት ካድረታት ናይቲ ውድብ - ዘተዩምን ኣድቂቖም መኸሮምን ንኹልና ጠላሕ ዝበለና፡ ብትርጉምን መልእኽትን ድማ ንህዝባዊ ግንባርን ምንቅስቓሱን ዝገልጽ "ዓወት ንሓፋሽ!" ዝብል ህቡብ ጭርሖ ፈጠሮም።

እዚ ጨርሖ እዚ ኣብ ዝለዓለ ሓፋሽ ዝብል ቃል ብርዝነት ኣብ ኣእምሮኻ ይቕመጥ። ሓፋሽ ከኣ ሓረስታይ- ጉበራይ፡ ጓሳ፡ ሸቃላይ ምሁራን፡ ሞያውያን፡ ፖለቲከኛታት፡ ወተሃደራት፡ ነጋዶ መራሕቲ፡ ሃይማኖት፡ ወዘተ ዝሓቖፈ ብምኻኑ ዓማምን ጠማርን ሓበራዊ ረብሓ ዘቖድምን ኮይኑ ትረኽቦ።

እቲ ዝበርም ህዝባዊ ግንባር ፍጥር ካብ ዝብል ጀሚሩ፡ ዝጭርሖም ዝበረ ጭርሖታት ንልብኻ ዝሰልቡ ኮይኖም ትረኽቦም። ሓደ ኣብኦት ከቕርብ፡ እቲ "ንሕናን ዕላማናን" ዝብል ናይ ቀዳሞት ተጋደልቲ መግለጺ። እዚ መግለጺ'ዚ ንሕና ብዕላማ እምበር ብሽጠፍን ውሰልትናን ዘይንግለጽ ጥራይ ዘይኮነ ንዕላማ እንዙብር ክቡራት ፍጥረት ኢና ዝብል ሓሳብ ንምግላጽ ዝቐረበ'ዩ ዝብል ጽኑዕ እምንቶ ኣሎ።

ብኣጠቓላሊ ዓወት ንሓፋሽ፡ ማዕረ ሃይማኖታዊ ድርሳናት ኣብ ልብናን ልሳንናን ኣእምሮናን ዝሰፈረ ንሓዋሩ ዘይንቐንቐ ድርዒ ዘለዎ ሓወልትና'ዩ። ንቶም ዝ. ጭርሖ እዚ ዝፈጠሩ ድማ ክብርን ሞገስን ይሃቦም። ዓወት ንሓፋሽ!

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሎቶን ኢንተርማርቸን ተሓዊሰን

በልጂዩማውያን ናይ ቅድድም ብሽክለታ ክለባት ሎቶን ኢንተርማርቼ-ዋንቲን ካብ ሓዲሽ ዓመት 2026 ጀሚረን ከም ሓንቲ ጋንታ ኮይነን ከም ዝጻወታ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ናይ ሎቶ መርበብ ሓበሬታ፡ እዘን ጋንታታት ብሓባር ተጸምቢረን ‘ሎቶ-ኢንተርማርቸ’ ክበሃላ ምኽንያት እየን። ናብ ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ ‘ዩሲኣይ’ ብወግዒ ፍቓድ ኣቕሪበን። ብመገዲ እዚ ፕሮጀክት ድማ፡ እዛ ሓዳሽ ‘ሎቶ-ኢንተርማቸ’ እትጽዋዕ ክለብ፡ ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት ናብ ዓበይቲ ውድድር (ዎርልድ ቱር) ክትምለስ መደብ ኣሎ።

እዘን ጋንታታት፡ ወላ’ኳ ሓቢረን ምህላወን እንተተገልጸ፡ ዛጊት ብዙሕ ጉዳያት ግና፡ መዕለቢ ኣይረኸበን ዘሎ። ገለ ካብኡን እቲ መሰረታውን ከኣ፡ እታ ተመስራታ ዘላ ናይ ሓባር ክለብ፡ ኣብ ክልተአን ጋንታታት ንዘለዉ ተቐዳደምቲ እትጻወር ስለዘይኮነት፡ ‘በዓል መን እዮም ክጸንሑ፣ በዓል መን እዮምከ ክፋነዉ? ዝብል ሕቶ ተላዒሉ ኣሎ። ብዙሓት ተቐዳደምቲ ክፋነዉ ምኽኑ’ውን ርዱእ እዩ።

ብተመሳሳሊ፡ ጉዳይ ናይቶም ኣብ ክልተአን ዝሰርሑ ኣሰልጠንቲ፡ መካኒክ ክፍሊ ሕክምናን ካልኦት ኣባላትን’ውን ኣብ ጠልጠል ምህላዉ ይሕበር። ድሮ’ኳ፡ ሰሩን ሀሉት ዝሰሙ ዋና ፈጻሚ ስራሕ ክለብ ሎቶ ኣቐዲሙ ካብ ስራሑ ምእላዩ ኣፍሊጡ ኣሎ። በዚ ድማ፡ ኣብ ኢንተርማርቸ ተመሳሳሊ ተራ ዝበሮ ዧያን-ፍራንኽስ ቦርላርት፡ ካብ ዝመጽእ ዓመት ጀሚሩ ኑቲ መዝነት ክሕዞ እዩ።

ስለምንታይ ክሓብራ ወሰና?

እዘን ጋንታታት፡ ወላ’ኳ ዘለወን ብቐዓት ደሓን እንተኾነ፡ ሰሪ ፋይናንሺያዊ ጸገም ግና፡ ኣብ ዓበይቲ ውድድራ (ዎርልድ ቱር) ንምጽዋት ኪጋደላ እየን ጸኒሐን። እቲ ቀንዲ ጸገመን ድማ ፋይናንሳዊ ምኽኑ ይሕበር። በዚ ከኣ፡ ተደሚረን ዝሓሸ ፋይናንሺያዊ ቁመና ክህልወን ተተስፊየን ኣለዋ፣ ወላ’ኳ ንብዙሓት ኣባላተን ጉዳይ ዝጉብር እንተኾነ።

ኣብ ኢንተርማርቸ፡ ኤርትራዊ ቢንያም ግርማይ ምህላዉ ይፍለጥ። እዚ ሓደ ካብ ኣውራ ተቐዳደምቲ ናይዛ ጋንታ ዝኾነ ተቐዳዳማይ፡ ምስዛ እትምስረት ሓዳስ ክለብ ክቕጽል ደዩ ወላስ ካልእ ጋንታ ክቕይር ዛጊት ኣይተፈልጠን። ኣብዛ ሓዳስ ጋንታ እንተቐጺሉ ግና፡ ምስቲ ኣብ ሎቶ ዝጸንሐን ክቕጽል ምኽኑን ዝሕበር ዘሎ ብሉጽ ናይ ሸኻ ተቐዳዳማይ ኣርናውድ ደሌ ብሓባር ብምኽኑ ነዛ ጋንታ ኣብ ግራንድ ቱራ ጎልበታ ክትቀርብ ክሕግዘዋ ምኽናኖም ይግመት። እቲ መሪሕ ተቐዳዳማይ መን ክኸውን እዩ? ዝብል ሕቶ ኣብ ቦታኡ እንከሎ።

በዚ ኮይኑ በቲ እዚ ወሀደት ናይ ክልቲአን ጋንታታት፡ ንናይ በልጂዩም ክለባት ብሓንቲ ክሉብ ዘጉድል እዩ። እዛ ‘ሎቶ-ኢንተርማርቸ’ እትጽዋዕ ክለብ ድማ፡ ዘይከም’ቲ ኢንተርማርቸ ዝበረቶ ቀዳማይ ዲቪዥን (ዎርልድ ቱር)፡ ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን’ውን ክለብ ዘጻወዓ ምኽኑ ይሕበር።



ቢንያም፡ ምስ ኣርናውድ ደ ሌ

## ፖስተኮግሉ ተባሪሩ

ዓላሚ ኖቲንግሃም - ኣንጀ ፖስተኮግሉ፡ ካብ መዘኑቱ ተባሪሩ - ትማሊ ኣብ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ ብቸልሲ ኣብ ሜዳኣ ድሕሪ ምስዓሩ።

ፖስተኮግሉ፡ ዝሓለፈ ወርሒ 9 መስከረም እዩ ንኑኖ ኢስፕሪቶ ሳንቶ ተኪኡ መዘኑት ምዕላም እዛ ጋንታ ተቐቢሉ። ይኹን እምበር፡ ምስዛ ናይ ትማሊ ጸወታ ሓዊሽካ ኣብ ዘየደን ሸሞንተ ግጥሚት፡ ዓወት ዘይበል ኮይመዘነ ተባሪሩ። ንሱ፡ ኣብ ሽዱሽተ ሰዕረት ክጉጥሞ ዝተባረረ እዚ ኣውስትራልያዊ፡ ኣብታ ጋንታ 39 ናይ ስራሕ መዓልታት ጥራይ እየን ነይረናኦ። በዚ ድማ፡ ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ፡ ካልኣይ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ዝተሰጎ ኮይኑ ኣሎ። ኣብ 2023 ካብ ግንቦት 3 ክሳብ 2 ሰነ ን30 መዓልታት ጥራይ ንሊደስ ዓሊሙ ካብ ስርሑ ዝተኣልየ ሳም ኣላርዳይስ፡ እቲ ብዝቐልጠፈ ግዜ ዝተባረረ ኣሰልጣኒ እዩ።

ኣብ ትሕቲ ፖስተኮግሉ፡ ብዝተመዝገበ ወጽኢትን ዝበራ ቁመናን ከምዝተጸየት ኣብ ከሎ፡ ኣብ ክልተ ድማ ማዕረ ተፈላልዩ።





በዚ ድማ’ያ እታ ካብኡ ዝሓሸ ጉዕዞ ክህልዋ ተተስፊያ ዘምጽኣቶን ኣንጻር ቸልሲ ናይ መውዳእታ ዕድል ሂባቶ ዝጸንሐት ክለብ ኖቲንግሃም ክተባርር ወሲና።

ብቸልሲ ምስ ተረትዐ ድሕሪ 17 ደቓይቕ ዘውጸኣቶ መግለጺ ዝሓበረት ኖቲንግሃም፡ ብሓሙሽተ ነጥቢ ኣብ ናይ ምውራድ ዞባ መበል 18 ተሰሪዓ ኣላ።

ቸልሲ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ካብ ጆሽ ኣቸምፖንግ፡ ፔድሮ ኔቶን ሪስ ጀምስን ብዘርከበተን ሸቶታት እያ 3-0 ተዓዊታ።

## “ገይሂ፡ ዝመጽእ ዓመት ክወጽእ እዩ” ዓላሚ ክሪስታል ፓላስ

ዓላሚ ክሪስታል ፓላስ - ኦሊቨር ግላስነር፡ ሓለቓኦም ማርክ ገይሂ፡ ሓዲሽ ውዕል ከምዘይፈረሞን ዝመጽእ ዓመት ካብዛ ጋንታ ከምዝፋኖን ገሊጹ።

እዚ እንግሊዛዊ ተኸላኻሊ፡ ኣብዛ ጋንታ ዘጸንሖ ውዕል፡ 30 ሰነ 2026 እዩ ክውዳእ። ወላ’ኳ፡ እዛ ጋንታ ሓዲሽ ውዕል ቀሪባትሉ እንተነበረት፡ “ኢዩሩል፡ ዝተፈልየ ነገር ክፍትን እየ ዝደሊ፡” ኢሉ ከምዝኣበየ ድማ፡ ግላስነር ሓቢሩ።

ፓላስ፡ ካብዚ ብዙሓት ክለባት ብዝገፍኦ ዘለዋ ተጻዋታይ ኣብ ወርሒ ጥሪ ምስ እትሸጦ ጥራይ’ያ ገዝኣብ ክትከስብ ትኽእል። ኣብቲ ናይ ሓጋይ መስኮት ምስግጋር ምስ ዘይትሸጦ ግና፡ ዝመጽእ ክረምቲ ሳንቲም ከይከሰበት ብናጻ ክትሰዶ ክትቕበል እያ። በዚ ድማ’ያ ክሳብ ጥሪ ክትጸብ መሪጻ ዘላ።

ገይሂ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ክረምቲ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ዕለት መስርሕ ምስግጋር፡ ብ35 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ሊቨርፑል ክጽምበር ቀሪቡ ነይሩ። ሕክምናዊ መርመራ’ውን ሓሊፉ ነይሩ።

እንተኾነ፡ ግላስነር፡ ኣብ ምወዳ ግዜ ቦታኡ ዝትክእ ተጻዋታይ ክይሓዙ እንተሸይጠሞ ስራሑ ክለቅቕ ምኽኑ ስለዘፍለጠ፡ እዛ ጋንታ፡ ሓሳብ ክትቕይር ተቐሲባ።

ኣብ 2021 ካብ ቸልሲ ናብ ክሪስታል ፓላስ ድሕሪ ምጽምባሩ፡ ዛጊት ኣብ 168 ግጥሚት ተሰሊፉ ኣሎ - ማርክ ገይሂ።



ገይሂ

ፓላስ፡ ትማሊ ኣብ ሜዳኣ ኣንጻር ቦርንማውዝ ኣብ ዝገበረቶ ናይ ሊግ ግጥሚ፡ ሰሓቢ ምንቅስቓስ ዝተራእዮ ነይሩ። ፓላስ፡ ወላ’ኳ 2-0 ተመራሒ እንተነበረት፡ ብኽልተ ሸቶታት ናይ ማተታ ተመራሪያ። ቦርንማውዝ፡ ኣብ መበል 89 ደቒቕ ሳልሳይቲ ሸቶ ካብ ክሪስቴ ኣመዝጊባ ደጊማ መሪሕነት ሒዛ ነይራ። እንተኾነ፡ ሕጂ’ውን ማተታ፡ ኣብ መበል 97 ደቒቕ ንዝተረኽበት ፍጹም ቅላዕ ናብ ሸቶ ቀዪሩ፡ ንጸወታ 3-3 ክዛዘም ኣኽኢልዎ። ንሱ ድማ፡ ሃትሪክ ሰሪሑ።

## ነገረ ሃላንድ

ናይ ሸቶ ማሽን ክለብ ማን ሲቲ - ኤርሊን ሃላንድ፡ ትማሊ ንኤቨርተን ዓዲሞም 2-0 ኣብ ዝተዓወትሉ ጸወታ፡ ንክልተአን ሸቶታት ብምቍጻር፡ ሎሚ ዓመት ንኣዝዩ ክፉት ናይ ሸቶ ሸውሃት ከምዝተበገሰ ደጊሙ ኣርእዩ።

ሃላንድ፡ ዛጊት ኣብዚ ወቕቲ፡ ንሃገሩ ኖርወይን ክለቡ ማን ሲቲን ወኪሉ ኣብ 13 ግጥሚት ተሰሊፉ፣ 23 ሸቶታት ድማ ኣመዝጊቡ ኣሎ። ሰለስተ ናይ ሸቶ ቀረባት’ውን ኣበርኪቱ እዩ።

እዚ ዓርሞሸሽ ኣጥቃዓይ፡ ናይዚ ወቕቲ ውድድር፡ ኻና ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ እንከሎ ክንድ’ዚ ዝበዝሑ ሸቶታት ምምዝጋቡ፡ ማዕረ ክንደይ ሸቶ ናይ ምምዝጋብ ዓቕሙ ጥርዚ በጺሑ ምህላዉ ዘንጸባርቕ እዩ።



ሃላንድ

ብዘይካ’ዚ፡ ሃላንድ፡ ንሃገሩን ክለቡን ወኪሉ ኣብ ተኸታታሊ 11 ግጥሚት እዩ ሸቶ ኣመዝጊቡ ዘሎ። በዚ ሒዝዎ ዘሎ ብሉጽ ቁመናን ሸቶ ናይ ምምዝጋብ ልዑል ዓቕሚን ክሳብ ምዝዛም ናይዚ ወቕቲ እንተቐጺሉ ኩኡ ቅድሚ ሕጂ ዘይነበረ ታሪኽ ወይ ክብረ-ወሰን ክጽሕፍ ይኽእል እዩ።

ሃላንድ፡ ኣብ ሸሞንተ ናይ ሊግ ግጥሚት፡ 11 ሸቶታት ብምቝጻር፡ ንዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ይመርሐ ኣሎ።

## ባርሴሎና ኣብ ማልያኣ ሓዲሽ መወዓውዒ ንምግባር ተሰማሚዓ

ዘርእማርያም ከሰተ

ስጳኛዊት ዓባይ ክለብ ባርሴሎና፡ ንሓጺር ግዜ ኣብ ማልያኣ ሓዲሽ ናይ መወዓውዒ ስም ገይራ ከም እትጻወት ተሓቢሩ።

እዛ ጋንታ፡ ምስ ስፖቲፋይ ውዕል ስለዘለዋ፡ ኣብ ማልያኣ ስም ናይዚ ትካል ገይራ እያ ትጻወት ዘላ። ክሳብ 2034’ውን ውዕል ኣለዋ።

ኣብ ዝመጽእ 26 ጥቅምቲ ኣንጻር ሪያል ማድሪድ ኣብ እትገብሮ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ላ’ሊጋ ጸወታ ግና፡ ነዛ ስም ኣልያ ‘ፕለይ’ ዝብል ጽሑፍ ክትለጥፍ እያ። ብዘይካ’ዚ፡ ኣብቲ ሎሚ ሰንበት ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታኣ ኣንጻር ግራንዳ እተኻይዶ ጸወታ’ውን ተመሳሳሊ ስም ዘለዋ ማልያ ለቢሳ ክትጻወት እያ።

እዛ ‘ፕለይ’ እትብል ኣብ ማልያ እዛ ጋንታ እትለጠፍ መወዓውዒ፡ ሻሙናይቲ ኣልበሙ ናይ ህቡብ እንግሊዛዊ ደራፊ ኤድ ሽራን እያ። በዚ ድማ ኤድ ሽራን፡ ቀዳማይ ብሪጣንያዊ ደራፊ ኣብ ማልያ ክለብ ኩዕሶ እግሪ ዘወዓውዐ ኮይኑ ኣሎ። ኣቐዲሞም፡ ኣመሪካውያን ደረፍቲ ትራቪስ ስኮት፡ ኮልድፕለይን ድሬክን ኣብ ዝተፈላለየ ማልያ ክለባት ኣወዓዊዮም ነይሮም።

ኤድ ሽራን፡ ድሕሪ’ዚ ኣብ ማልያ ባርሳ ምውዕዋዑ፡ “ኩዕሶ እግሪ ኣዝየ እየ ዝፈቱ። ኣልበመይ ኣብ ማልያ ባርሴሎና ምህላዉ ከኣ፡ ሓደ ካብቶም ንምእማኑ ዘጸግሙ ህሞታት’የ።” ኢሉ። እዚ ደራፊ፡ ኣብታ ዝገደፋ እንግሊዛዊት ክለብ ኢፕስዊች ታውን ወናኒ ብርኪ ምኻኑ እዩ ዝሕበር። እዛ ጋንታ ኣብ 2023-24 ኣብ ፕሪመር ሊግ ኣብ ዝበረትሉ’ውን ብኣካል ተረኺቡ ጸወታኣ ይዕዘብ ከም ዝበረ ይዝከር።



እዚ ከም’ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ተጻዋታይ ባርሴሎና ሮበርት ለዋንዶውስኪ፡ ደርፍታት ኤድ ሽራን ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ክለቦም ምስ ደቂ ጋንታ ብምኽናና ከምዝስተማቕርዎ ብምግላጽ፡ መዚቃን ኩዕሶ እግርን ንተዓዚበቲ ከም ዘደስቶምን ክልተኦም ዘይነጻጸሉ ኣካላት ምኻኖምን ተዛሪቡ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ቶተንሃም - ኣስቶን ቪላ 4:00 ድ.ቀ

ሊቨርፑል - ማን ዩናይትድ 6:30 ድ.ቀ

**ላ’ሊጋ**

ገታፈ - ሪያል ማድሪድ 10:00 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ኮሞ - ጁቬንቱስ 1:30 ድ.ቀ

ኣታላንታ - ላዚዮ 7:00 ድ.ቀ

ኤሲ ሚላን - ፊዮረንቲና 9:45 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

**ፕሪመር ሊግ**

ዌስትሃም - ብረንትፎርድ 10:00 ድ.ቀ

ተረኛ ፋርማሲ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕ ጃሕ
ፋርማሲ ማይ ተመናይ
ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ

ዕለት
19/10/2025

ጎደና
ጎደና 173 -18 ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕ ጃሕ ጥቃ ህዝባዊ ቤት ንግድ
ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.315፡ከባቢ ቤተክርስትያን ኣቡነ-ኣረጋዊ
ጎደና ዓይገት ቁ.ጉ17፡ ከባቢ ሲኒማ ሓማሴን

ቁ.ስልኪ
127582
08370134
123690

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565